# መጸዋዕታ ንኹሎም ኣብ ወጻኢ
# ዝርከቡ ኤርትራውያን ኢትዮጵያውንን

ብቐዳምነ ነዚ ዝስዕብ ጻዋዒት ክቕርብ ከለኹ ኣነ ሓደ ተራ ሰብ ከም ኩሉ ሰብ ኣብ ስደት ዝነብር ዘሎኹ ይኹን እንበር ንኹሉ ጽቡቑን ክፉኡን ገጻት ናይ'ቲ መሪር ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ዘስተማቐርኩ ሓደ ካብኦም ምኻነ ይ'የ : ስለ'ዚ ካኣ ኣንጻር መግዛእቲ፣ ውግእ ሕድሕድ፣ ብዶብ ኣሳቢብካ ዝተኻየደ ውግእ ወዘተ ዘውረዶ ዕንወትን ስለ ዘሕሰበንን ካብ ውግእ ረብሓ ስለ ዘይብሉ ህዝቢ ረብሕኡ ኣለልዩ ይኣክል በቲ ዝሓለፈ ኢሉ ብሰላም ናይ ምምባር ኣብ ኢዱ ከም ዘሎ ፈሊጡ ሓቢሩ ናይ እምብታ ድምጹ ከስምዕ ዝዓለመ ምኺኑ ጻዋዒተይ ከብርህ ይፈቱ።

ኩልና ንካታተሎ ከም ዘለና ኣብ'ቲ ዶባት ናይ ክልቲኡ ሃገራት ናብ ውግእ ገጹ ዘቕነዐ ምሽብሻባት ይግበር ከም ዘሎ ዝሕብር ሻቓሎት ካብ ውሽጢን፣ መንግስታት ባዕላቶም ካብ ዝህብዎ መግለጽታት፣ ምድያታት ካብ ዘቕርብዎ ተበጊስና ኣብ ልዕሊ ክልቲኡ ኣህዛብ ከቢድ ፍርህን ስግኣትን ፈጢርሉ ከም ዘሎን ኹሉ ዝከታተልን ሓልዮት ህዝብን ንዘለዎ እዚ ኩነታት ይምስጠሮ'ዩ ኢለ ኣይኣምንን። ስለ'ዚ እዚ ክልተ ኣህዛብ'ዚ ብተደጋጋሚ ብውግእ ወረ ውግእ ነዊሕ ግዜ ክርመስ ክሳቐን ዝጸንሐ'ዩ ምእቲ'ዚ ነዚ ኩነታት ካብ ኣጥፊእና ንጥፋእ ፍልስፍና ወጽእና ህዝባዊ ሓላፍነታዊ ብዝመልኦ ትኩረት ብምሃብ ክንሰርሓሉ ንኹሉ ደላይ ሰላም ንናይ ክልቲኡ ኣህዛብ ዝሓልም ብትሕትና ጻዋዒተይ የቕርብ።

ብፍላይ ካኣ ነዘም ዝስዕቡ ኣካላት ብምረት ብሕጽንታይ ከቕርብ ይፈተ።

1-ንኤርትራውያን :-

ህዝብናን ሃገርናን ብዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ገዛእቲ እንዳተበራረዩ ኣደዳ ኣሎ ዝባሃል ኩሉ ዓይነት ኣደራዕ ስቅያት ከም ዝሸመሙና ወትሩ ኣብ ሕልምታትና ከይተረፉ ዝቕጀሉ በሰላታት ዝሓደገልና 'ዩ : ይኹን እንበር ኣይከም'ዚ ናይ ሕጅ ኣረሜናዊ ስርዓት ኣብ ክንዲ ነጻነት -ባርነት ኣብ ክንዲ ፍትሒ-ግፍዒ። ኣብ ክንዲ ምሕረት- እስሪ ቤት ኣብ ክንዲ ልምዓት ጥፍኣት ዝመምርሕኡ እንኮ ውልቀ-መራሒ ብኡኡ ከይኣኽሎ ካኣ እነሆ ሃገር ዋናታት ከምዘይብላ ከም ሃላኺ ኣቕሓ ናብ ዘይ ንፈልጦ መንገዲ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝተመስጠረ ውዕላት ከውርዳ እንርኦ ዘለና ሓቂ'ዩ ።

ስለ'ዚ ሃለዋት ህዝብናን ሃገርና ኩልና ከምንዕዘቦ ዘለና ብማዕረ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ እምነታትና ስለ ዝዓቢ ደጋፍን ተቓዋሚ ዘብሉ ኣብጉኒ ህዝብና ኮይና ዓገብ ብምባል ድምጽና ነስምዕ። ውግእ ማዕረ ክንደይ ኣብ ልዕሊ ሂወታውያንን ንብረት ብርሰት ከምዘውርድ ልዕሌና ዝተመኮረሉ ይህሉ'ዩ ኢለ ኣይኣምንን።

2-ንመራሕቲ ውድባት እዚ ዝኸይድ ዘሎ ምዕባሌታት ኣብ ዶባትና ሳዕቤናቱ ኣብ ግምት ብምእታው ብዘይዋዕል ሕደር ህጹጹነቱ ተገንዚብኩም ብሓደ ልሳን ንዓለም ኣውያትኩም ኣስምዑ ኩሉ ዝካኣል ዘበለ ኣብ ምትግባር ነቲ ትኸድዎ ዘለኹም ብዕጽፊ ብምድራዕ (ብኳርታ) ክትቅጽልዎ ምሕጽንታይን ጻዋዒተይ የቕርብ።

3-እቲ ከተኩረሉ ዝደለኹ መንግስታት በቢዝኣጎድዎ ሓዊ እንዳሳሓና ክሳብ ማዓስ ኢና ክንነብር ንሕና ይኹን ናይ ጎረባብትና ኣህዛብ ኣብ ሰላምን ምትሕብባር እንበር ካብ ውግእ ዝርባሓሉ ዋላ ሓንቲ ከምዘይብሉ ኩሉ ዝርድኦ ሓቂ'ዩ ስለ'ዚ ናይ'ቲ ዘባ ኣታሓሳስባ ካብ ጽበትን ድርቅናን ተላቒቕና ንናይ ሓባር ምዕባሌ ረብሓን ክንሓስብ ይግባእ።

ስለዚ እዚ ዝኸይድ ዘሉ ወታሃደራዊ ምሽብሻባት ናይ ክሊትኡ መንግስታት ንጥፍኣትና ዝዓለመ ብምዃኑ ኣብ ኩሉ ዓለም ዘሎ ህዝቢ ናይ ክልቲኡ ሃገራት ደለይቲ ሰላም ካልኦት ፈተውን ናይ ክልቲኡ ኣህዛብ ከይተረፈ ብምዕዳም ሓቢሩ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከተማታት ሰላማዊ ሰልፊ ብምውዳብ ኣንጻር እዚ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ውግእ ጥሩምባ ተቓውምኡ ከስምዕ ንጽባሕ ዘይባሃሎ ህዝባዊ ጻውዒተይ የቕርብ

ከይኮነ ወግን ከይተሰብረ ጻግን ስለ ዝኮነ ነገራት ቅድሚምምጽኦም ህዝባዊ ሓላፍነት ብዝመልኦ ካብ'ዚ ዘንጻላልወና ዘሎ ከቢ ሓደጋ ንምውጻእ ድምጺ ውጽዓት ብምዃን ሓንሳብን ንሓዋሩ ንስለ ዝውጹዕ ኣህዛብ ሓቢርና ንሕሰብ።

ብርሃነ ጎሉ
01-11-2020